ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ
ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም ቤተክርስትያን
ኣምስተልፌን- ኣምስተልላንድ
ሆላንድ።

St. Eritrean Orthodox Tewahdo
Medhanie Alem Kerk
Amstelveen-Amstelland Holland.

9 ጥቅምቲ 2018 ግዕዝ
21 oktober 2026
ደ/ሰ/መ/ኣ/ኣ2018-672

በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ ኣሜን።

ናብ ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን ምእመናንን ምእመናትን ኣባላት ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቅድስቲ ቤተክርስትያን ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣምስተልፌን-ኣምስተልላንድ፥

ናይ እግዚኣብሔር ሰላሙ ምስ ኩላትና ይኹን። ኣብ ህይወትኩም ምሉእ ጥዕና ኣብ ሥራሓትኩም ጽቡቕ ግስጋሰ ንምነየልኩም። ቀጺልና ከኣ እዚ ዝስዕብ እዋናዊን ዕዙዝን መልእኽቲ/ሓበሬታ ነመሓላልፈልኩም፥

ብዕለት 07-10-2026 ዓምፈ ብኣመሓደርቲ ቅድስቲ ማሪያ ፓሮኺ (ዋናታት ቤትክርስትያን) ብዛዕባ መጻኢ ናይ ምዕቃብ ታቦትናን ናይ ኣገልግሎት ኣቍሑት ቤተክርስትያንናን ውሳኔ ወሲኖም ብኢመይል ዘፍለጡናን፣ ቀጺሎም ከኣ ብዕለት 15-10-2026 ዓምፈ ተውሳኺ መግለጺ ዝሓዘለ ኢመይል ናባና ዝለኣኹልና ምዃኑ ብኸፊሉ ሓቢርናኩም ኔርና። እቲ ምሉእ ትሕዝቶኡ እምበኣር ብሰፊሑ ናባኻትኩም ንልእኮ ኣሎና።

ቅድሚ ናብ'ቲ ነጥቢታት ምእታውና፥ ዋና ቤተክርስትያን ኣብ ቀዳማይ ውሳኔኦም ክገልጹ እንከለዉ፥ 'ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስትያን (ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣምስተልፌን-ኣምስተልላንድ)፥ ንነዊሕ ዓመታት ብሰላምን ርግኣትን፥ ነቲ ክርስትያናዊ እምነት ናይ ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን፥ ኣብ ቤተክርስትያን ቅዱስ ኣጉስጢኖስ (St. Augustinuskerk) ኣገልግሎት ክትህቡ ጸኒሕኩም ኢኹም'፥ ብምባል ከም ዝጅምር ዳግም ከነዘክር ንደሊ። "(**እቲ ምሉእ ትሕዝቶኡ ኣብ ቀረባ ጊዜ ክንልእከልኩም ኢና**" ኢልና ጽሒፍና ነይርና፣ እንተኾነ ግን ብሰንኪ ተኸታታሊን ተደራራቢን ምዕባለታት፥ ጊዜ ብምውሓዱ ተርጉምና ዘይምቕራብና ይቕሬታ ንሓትት። እቲ ምዕባለ'ቲ (ዝተረፈ ዝየተገልጸ ክፋል) ዳርጋ ኣሪጉ፥ በዚ ሓዲሽ ምዕባለታት ይግዛእ ስለ ዘሎ፥ እነሆ እቲ እዋናዊ ሓበሬታት ከነቕርበልኩም መሪጽና ኣሎና።

ስለዚ እቲ ኣብ ካልኣይ ጊዜ ወጺኡ ዘሎ ውሳኔ ዋናታት ቤተክርስትያን፥ ብሰንኪ'ቲ ዝተፈላለየ ጠንቂታት ዘሰዓቦ ምዕባለታት ቤተክርስትያንና፥ ማህረምቲ ኣብ ርእሲ ኣባል ቤተክርስትያንና ዝኻነፈሉ፣ ብንኡስ ሃገረ ስብከት ብ28-06-2026 ዓምፈ ዝተዓጸወሉ፣ ሓድነታን ሰላማን ዝተዘርገሉን፥ ዘይተዓረየሉን ዘይተዓቀበሉን፣ ኣብ ዝሓለፈ ኣዋርሕ ቀጻሊን ሰላማዊን ኣገልግሎት ከይዋሃብ ንዘጋጠሙና ሽግራት መሊሶም ዘጋድዱ እምበር፥ ፍታሕ ንምምጻእ ዝኾነ ተበግሶ ብንኡስ ሃገረ ስብከትን ሃገረ ስብከትን ስለዘይተገብረሉ፣ ኮታ ብሰላም ደኾን ይፈትሑዎ ኢሉ እዚ ህዝቢን ዋናታት ቤተክርስትያንን ክጽበዮም ድሕሪ ምጽናሕ፥ ውሕስነት ናይ ህዝቢ ደ/ሰላም መ/ዓለም ክረጋገጽ ኣብ ዘይክእለሉ ኩነታት ኢዩ (እዚ 2ይ ውሳኔ ዋናታት ቤተክርስትያን) ዳግም ተወሲዱ ዘሎ።

እቲ ብዕለት 15 ጥቅምቲ 2026 ዓምፈ ካብ ዋናታት ቤተክርስትያን ናባናን ናብ ዝምልከቶምን ዝተላእከልና ኢመይል፥ ትሕዝቶኡ ቃል ብቓሉ ብኸም'ዚ ዝስዕብ ተርጉምና ነቕርቦ ኣሎና።

1- እቲ ዝተገብረ ክራይ ውዕል ናይ ቤተክርስትያን ዕለት 7 ታሕሳስ 2026 ዓምፈ ዘብቅዕ ምዃኑ፣

2- ካብ'ዚ ንደሓር ኣቕሑትኩም ኣብ ሕጂ ዘለዎ ናይ ኣጉስጢኖስ ቤተክርስትያን ክዕቀብ ከም ዘይከኣል፣

3- ካብ ዕለት 8 ታሕሳስ 2026 ዓምፈ ጀሚሩ ሓደስቲ ተጠቀምቲ ክግልገልሉ ምዃኖም፣

4- እዚ ዋና ቤተክርስትያን ክገልጽ እንከሎ፥ ነቲ ናይ ኣቕሑት ምልዓሉ ዝምልከት ዘቕረብኩዎ ጠለብ፥ ካብ ዝተፈላለዩ ኣካላት ብዙሓት ዘይቀራረቡ መልሲታት ከም ዝመጻኣኒ፣ ብፍላይ ንታቦት ዝምልከትን ንዋየ ቅድሳትን፥ ናትና ዝብል ከም ዝተጻሕፈለይ፥ ይብል፣

5- ቀጺሉ ድማ፥ ካልእ ከኣ ብንኡስ ሃገረ ስብከት ይኹን ብስቲኽቲንግ ደብረሰላም መድሓኔዓለም ዝተላእከለይ ሕጋዊ መከራኸሪ ነጥቢ ዝጠቅስ ጽሑፋት፥ ነቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ኣቕሑት፥ ንዝኾነ ይኹን ካልእ ኣካል ከይትህቡልና ዝብል ከም ዝኾነ ይገልጽ፣

6- ኣስዒቡ'ውን፥ ከም ዝፍለጥ ኣብ'ዚ ቤተክርስትያንና ቅዱስ ኣጉስጢኖስ ብዝተራእዩ ዝተፈላለየ ዘይምርድዳኣት፥ ክሳብ 3 ጊዝያት ፖሊስ ዝመጹሉ ኩነታት ብምግጣሙ፥ ነቲ ዝጸንሐኩም ዘይምርድዳኣት መፍትሒ ክሳብ እትረኽቡሉ፥ ምእታው ናብ ቤተክርስትያንና ክንክልክል ተገዲድና ኢና፣ ይብል

7- ካብ'ዚ ተበጊሰ ደጊመ ከፍልጠኩም ዝደሊ፥ ኣብ'ዚ ቤተክርስትያንና ቅዱስ ኣጉስጢኖስ ተዓቂቦም ዘለዉ

ኣቝሑት፡ ታቦት’ውን ናይ መን ምዃኑ ንሕና መርገጽ ክንወስድ ከም ዘይንኽእል ክነፍልጠኩም ንደሊ፣

8- ካብ 8 ታሕሳስ 2026 ዓምፈ ጀሚሩ እዚ ቤተክርትያንና ቅዱስ ኣጉስጢኖስ፡ ብፍላይ እቲ ኣዳራሽ ክልኣት ክጥቀሙሉ ስለ ዘኹኑ፡ እቶም ኣብ ውሽጢ ቤተክርስትያንና ዘለዉ ኣቝሑት ቅድሚ’ዚ ዕለት’ዚ ክተልዕሉዎም ንጽበየኩም፣

9- ቅድሚ ዕለት 7 ታሕሳስ 2026 ነዚ ኣቝሑት እንታይ ክግበር ኣለዎ፧ ንዝብል ሕቶ ሓበራዊ መፍትሒ ጌርኩም ንኹሉ ዝምልከቶ ብጽሑፍ ክተፍልጡዎ፣ እዚ ከኣ ንጹር መግለጺ (ምምርሒ) ገይርኩም መዓስ ንመን እዚ ኣቝሑት ከም ዘወሃቦ ክተፍልጡና ኣዕዚዝና ንሓተኩም ኣሎና፣

10- ነዚ ብምግባርና ምሕደራና ንኩሉ ጊዜ ካብ ዝኾነ ይኹን ተሓታትነት ነጻ ክኸውን የኽእሎ ምዃኑ፣

11- እዚ ኣቝሑት ንመን ይምልከት፧ ምናልባት በቲ ፈራዳይ ሕጋዊ ፍርዲ ከም ዝተገብረሉ’ሞ ንሕና ከኣ ንመን ከም እንህቦ ቅድሚ 7 ታሕሳስ 2026 እንድሕር ዘይተነጺሩልናን፡ ክተፍልጡና እንተ ዘይተኻኢልኩምን፡ እቲ ዝመጽእ ሳዕቤን ንስኹም እትሕተትሉ ከም ዝኸውን፣

12- ኣብ ከም’ዚ ዝኣመሰለ ኩነታት፡ ንሕና ባዕልና ነዚ ኣቝሑት ናይ ምእመናን ማሕበረሰብ ኤርትራ፡ ካብ’ዚ ናይ ቅዱስ ኣጉስጢኖስ ቤተክርስትያን ኣውጺእና፡ ናብ ጽኑዕ ዕቑብ ቦታ (veilig opslagplaats) ክነጕዕዞ ምዃንና፣ እዚ ድማ እቲ ኣቝሑት ንመን ይምልከቶ ክሳብ ዝንጸረልና ይኸውን፣

13- ነቲ ቅዱስ ታቦት ብዝምልከት ከኣ፡ ንሓደ ካብ ካህናትና ሓቲትና፡ ነቲ ቅድስና ናይ’ቲ ታቦት ዝጠልቦ ጠለብ መሰረት ብምግባር፡ ብምኽባርን ሓላፍነት ከም ዘወስደሉ ክንገብር ምዃንና፣

14- ነቲ ኩሉ እንገብሮ ናይ መጓዓዝያኡ፣ ናይ ምኽዛኑን ዝኸፈልናሉን እንኸፍለሉን ዋጋ (ክፍሊት) ኣማልኪትና ድማ፡ ብውልቂን ብሓባርን፡ ነዚ ክፍሊታት ከም እትኸፍሉዎን፣ ብሕጋዊ መገዲ ከም እትሕተቱሉ ክግበር ምዃኑ ክነፍልጠኩም ንደሊ፣

15- ሓበራዊ መርገጽኩምን መምርሒኹምን ቀልጢፉ ክመጸና ተስፋ ንገብር።

ዝብል ትሕዝቶ ዝሓዘ ኢመይል ዋና ቤተክርስትያን ዝሰደደልና ምዃኑ፡ ነዚ ምዕባለታት ብግቡእ ክትፈልጡዎን ክሕበረኩም’ውን መሰልኩም ስለ ዝኾነ፣ ሓላፍነትና’ውን ስለ ዝኾነ እዚ ሓበሬታ ንልክለኩም ኣሎና።
ካብ’ዚ ንደሓር ዝስዕቡ ምዕባለታት ከም ኣድላይነቶም ኣብ ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ጊዜኡ ክሳብ እንሕብረኩም፣ በብዘለናዮ ኣብ’ዚ ሰላም ተሳኢኑዎ ዘሎ እዋን መድሓኔዓለም ሰላሙ የውርደልና።

**መተሓሳሰቢ/መዘከርታ፥**

- ካብ’ቶም ብዘይዕረፍቲ እንዳ ጸሓፉን ዘይኩነ ወረታት እንዳ ዘርግሑን ንህዝቢ ዘናውጹን ሰበት ተጠንቀቑ።
- ብተወሳኺ ዘይምልከቶም ኣካላት ‘ሓድነት ተፈጺሙ ኢዩ፡ ሰበኻ ጉባኤ ናይ ስቲኽቲንግ ግን ነቲ ንብረትን ገንዘብን ከየመሓላልፉ ኣብዮም፣ እዚ እንተዘይገርካ እዚ ኣይግበረልካን፣ እዚ ኣይሥራሓልካን …’ ወዘተ እንዳበሉ ንህዝቢ ዘፈራርሑን ትእዛዛዊ መጥቃዕቲ ዝፍንዉን ዝዝርግሑዎን፡ ናቶም ናይ ባዕሎም ጥቕምቲታት ንምርግጋጽ፣ ነቲ ዝጸንሐ ሓድነትን ሰላምን ናይ ህዝቢ’ዛ ቤተክርስትያንና ንምህሳይን ዝዓለመ እምበር፡ ሕጊ ዝተኸተለ ኣገባብ ከም ዘይጥቀሙ ክነገንዝበኩም ንደሊ።
- ከም ቀደምና ኣብ ሓቂ ደኣ ጠጠው ንበል (ንሓቂ ዋናኣ መድሓኔዓለም ስለ ዝኾነ)፡ ዝተረረፈ ባዕሉ ክመርሓናን ዝጐደለና ኣኪቡ ክህበና ምዃኑ እንዳ ኣመንናን፡ ነታ ጥንታዊትን ኣማናዊትን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስትያንና ኣብ ትሕቲ ቅዱስ ሲኖዶስ ኲይንና ሓድነትናን፡ ሓቀኛ ቃልስናን ነጸንዕ፣ ብምባል ብኽብሪ ነገንዝበኩምን ነተሓሳስበኩምን።
- ኣብ ዓዲ ሕጊ ኲይንና ብሕጋዊ መንገዲ ክንቃለስ ከም ዘጸናሕና መጠን፡ ሕጂ’ውን ከምኡ ንመሰላትና ብሕጊ ክነውሕስ ብሓባር ክንቅጽል ኢና።

ምስ መንፈሳዊ ሰላምታ

እግዚኣብሔር ኣምላኸና ሃገርና ኤርትራን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቅድስቲ ቤተክርስትያንናን ይባርኸልናን ይዓቅበልናን።

The Eritrean Orthodox Stichting Tewahdo Medhanie Alem Church Amstelveen Amstelland



***ሰበኻ ጉባኤ ደ/ሰላም መ/ዓለም / Het Kerkelijk bestuur van Debreselam Medhanie Alem*** Email:
debreselammedhaniealem@gmail.com; Website: www.debreselam-medhaniealem.com
**Amstelveenseweg-965, 1081JG Amsterdam Nederland**